# ኮቪድ-19ን መሰላት ጉዱኣት ኣካልን: መምርሒ


1. ኮቪድ-19 ኣብ ጥዕና ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?
2. ኮቪድ-19 ኣብ ሕክምና ማእኸላት ዝነብሩ ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?
3. ኮቪድ-19 ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ዝነብሩ መሰል ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?
4. ኮቪድ-19 ኣብ ስራሕ፣ እቶትን መነባብሮን እቶም ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?
5. ኮቪድ-19 ኣብ ናይ ምምሃር መሰል ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?
6. ኮቪድ-19 ንጉዱኣት ኣካል ካብ መጥቓዕቲ ኣብ ምክልኻል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?
7. ኮቪድ-19 ብዙሓት ጉዱኣት ኣካል ኣብ ዘለውሉ ሕብረተሰብ ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?
   ሀ. እሱራት ጉዱኣት ኣካል
   ለ. እኹል መንበሪ ገዛ ዘየብሎም ጉዱኣት ኣካል


## መጠቓለሊ

ኮቪድ-19 ኣብ ኩሉም ክፍልታት ሕብረተሰብ ፅልዋ ዘሕድር እንትኸውን እዚ ለበዳ ንምክልኻል ዘኽእል ዳግም ዝመፅ ኣታሓሳስባ፣ ከባብያውን ትካላውን ሕፅረት ስለዘሎ ጉዱኣት ኣካል ብዝበለፀ ተጠቃዕቲ እዮም።

ብዙሓት ጉዱኣት ኣካል ብቫይረስ ብቐሊሉ ክጥቕዑ ዝገብርን ኣብ ዝተትሓዝሉ እዋን ድማ ብዝበለፀ ፍሉይ ምልክት ክርእዩን መጠን ቑፅሪ ሞት ክዓቢ ዝሕግዝ ሕማም ዘለዎም ኣለው እዮም። ኣብ እዋን ቅልውላው ኮቪድ-19 ዕለታዊ መነባብሮኦም ናይ ተረዳኣይነት ፅግዕተኛታት ዝኾኑ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ክፍለዩን ኣብ እዋን እቲ ገደብ ንበይኖም ክፍለዩ ዘገድዶም እንትኸውን ኣብ መንበሪ ገዝኦም ሕክምና ዝግበረሎምን ኣብ ናይ ኣእምሮ ሕክምና ትካላት ዘሎ ቑፅሪ ሞት ከምዘርእዮ ብፍላይ ኣብ ሕክምና ማእኸላት ዝርከቡ ብዝበለፀ ተጠቃዕቲ እዮም። ስእነት ግልጋሎት ጥዕናን ሓበሬታንጉዱኣት ኣካል እናወሰኸ ይርከብ። ጉዱኣት ኣካል ሰባት እውን መነባብሮኦም ኣብ ዘማልእሉን ድጋፍ ኣብ ምርካብ፣ ኣብ ኢንተርኔት ቀጥታዊ ትምህርቲ ኣብ ምርካብን ካብ መጥቃዕቲ ሓለዋ ኣብ ዝደልይሉን ኣድልዎን ካልኦት ስእነታትን እናጋጠሞም ይርከብ። ብፍላይ ድማ ፍልይ ዝበሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ከም እሱራትን መንበሪ ገዛ ዘየብሎም ወይ ድማ እኹል ገዛ ዘየብሎም ሰባት ብዝተፈለየ ኩነታት ነዚ ሕማም ዝተቓዕልዑ እዮም።

ብዛዕባ እዚ ጉድኣት እዚ ግንዛበ ምዕባይ ኣብ ጉዱኣት ኣካል ብዝበለፀ እናበፅሐ ዝርከብ ፅልዋ ንምቅላል የኽእል። ዕላማ እዚ መምርሒ እዚ:

- እዚ ለበዳ ሕማም ኣብ ጉዱኣት ኣካልን መሰሎምን ዘብፅሖ ስዓቤን ግንዛበ ንምፍጣር፤
- ኣብ ዓለምና እናተሳለጡ ዝርከቡ ዝተወሰኑ ተስፋ ዝህቡ ተግባራት ጠመተ ንምሃብ፤
- ናይ መንግስትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ቀንዲ ቀንዲ ስጉምትታት ንምፍላይን
- ጉዱኣት ኣካል እውን ሓዊሱ ንኮቪድ-19 ጠመተ ብምሃብ ብዛዕባ ምርግጋፅ መሰላት ብዝበለፀ ንምምሃር እታዎታት ምቕራብ።

## 1. ኮቪድ-19 ኣብ ጥዕና ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?

ብኮቪድ-19 ናይ ምትሓዝ ዕድሉ ኣብ ዝሰፍሓሉ ህዝቢ ዋላ እንተኾኑ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ምስ ካልኦት ክፍልታት ሕብረተሰብ ኣብ ጥዕና ኣዋሃህባ ዝበፅሖም ኣድልዎ ዘጋልፅ ሓበሬታ ጥዕናን ከምኡ እውን ፍሉያት መምርሕታት፣ ደንብታትን ሕክምናን ብዘይምርካቦም ንዝገደደ ኣድልዎ የጋልፆም። እዞም ደንብታት እዚኦም ሓድሓደ እዋን ኣብ ሂወቶምን ማህበራዊ እምነትን ብዝምልከት ንጉዱኣት ኣካል ናይ ሕክምና ኣድልዎ ከምዝበፀሖም ይገልፁ። ንኣብነት፡- ዋሕዲ እታዎታት ንዘለዎም ክፍልታት ሕ/ሰብ ብዝተወሰኑ ዓይነታት ድኽመት ረቋሒታት ምጥቃም እንተይኣድልየ ንዕለታዊ መነባብርኦም ዝላዓለ ድጋፍ ዝደልዩ "ዱኹማት"፣ "ናይ ኣካላዊ ሕክምና" ዕድላት ከምኡ እውን ካብዚ ሕማም እንተዲሒኖም "ብሂወት ዝፀንሕሉ ዓመታት" ግምታዊ ሓሳባትን ብምውሳድ እታዎታት ንምክፍፋል ናይ ኣመዳድባ መምርሒ ምጥቃም። ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ሰባትን ስድራቤታትን ኣብ ስርዓት ጥዕና ዝሓውይሉ ስጉምቲ ኣብ ምውጋድ እውን ፀቕጢ ይበፅሖም እዩ።

**እቶም ዝተወሰኑ ተስፋ ዝህቡ ተግባራት እንታይ እዮም?**

- **[ናይ ሳን ማሪኖ ሪፐብሊክ]** [ባዮኢቲክስ ኮሚቴ ስነ-ሂወታዊ ስነ-ምግባር ፍትሓዊ ክፍፍል ዝካየደሉ ናይ ኮቪድ-19 መምርሒ] ኣውፂኡ ዝርከብ ኮይኑ እዚ መምርሒ እዚ ጉዱእ ኣካል ብምዃኑ ዝበፅሕ ኣድልዎ ዝኽልክል "እቲ ብሕታዊ መዐቐኒ መረፃ" ዝባሃል እንተኸውን ብመሰረት ረቋሒ ግቡእ ሕክምናን ማዕርነት ኣዋሃህባ እቲ ግልጋሎትን ነፍሰወከፍ ሂወት ወዲሰብ ብምኽባር ትኽክለኛ ፍትሓዊ ክፍፍል ንምስላጥ ዝሕግዝ እዩ። ከም ዕድመ፣ ፆታ፣ ማሕበራዊ ወይ ድማ ስነ-ምግባራዊ ፍቕሪ፣ ጉድኣት ኣካል ዝበሉ ካልኦት ዝኾነ ይኹኑ መምረፂ ረቋሒታት ተቐባልነት ዘየብሉ መጥቃዕቲ ሰብኣዊ መሰላት ዝሓዘን ብዝበዝሐ ይኹን ብውሑዱ እቲ ዝንበር ዘሎ መነባብሮ ብዝበለፀ ናይ ሂወት ደረጃ ተግባራዊ ስለዝግበር ብስነ-ምግባራዊ ኣረኣእያ ቑቡል እዩ።"[1]

- [ኣብ ቤት ፅሕፈት ሲቪላዊ መሰላት **ኤሜሪካ** ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ግልጋሎትን ዕላው] "ጉዱኣት ኣካል ሰባት ብምኽንያት ዝተሳሓሓተ ኣመለኻኽታ፣ ብዘለዎም ብርኪ መነባብሮ ወይ ድማ ናይ ሓደ ሰብ ዘመድ ኣካል ጉድኣት ይሃልውዎም ኣይሃልዎም ወይ ድማ ብዕድሚኦም "ብዛዕባ ምምጣን" ብምርኣይ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ሕክምና ግልጋሎት ክኽልከሉ የብሎምን" ብምባል "ባዓል ስልጣናት ጉዱኣት ኣካል ብምኳኖም ኣድልዎ ምኽልካል ንምርግጋፅ" ዕላው ገይሩ ይርከብ።[2] እቲ መግለፂ ንጉዱኣት ኣካል ብከመይ ሓበሬታ ከምዝረኽቡን ከምዝረኽቡዎምን "ዘዕግብን ንኹሉ ዝሓቁፍን ህፁፅ ሓገዝ ንኽኸውን ዝተወሰነ ናይ መንበሪ ገዛ ሓገዝ ምግባር እውን ሓዊሱ" ናይ ጊዚያዊ ሓገዝ ተጠቀምቲ ንኽኾኑ ዝሕግዝ ንባዓል ስልጣናት ዝተዳለወ መምርሒ እውን ዝሓዘ እዩ።

- **[ዩናይትድ ዓረብ ኢሚሬትስ ጉዱኣት ኣካል ኣብ ገዝኦም ዝምርመርሉ ሃገራዊ ፕሮግራም ዘዳለወ]** እንተኸውን ኣብ ማእኸል ሚያዝያ ን650,000 ዝኣኸሉ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ምርመራ ኣከይዱ ነይሩ እዩ።[3]

- ኣብ **ፍሊጵስ** ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ንህፃናትን ጉዱኣት ኣካልን ሓዊሱ [ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝተጎድኡ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝተዳለወ ህዝባዊ መልእኽቲ] ንኽዳልው ናይ ጥዕና ኤጀንሲታት ንምድጋፍ ሓበሬታ ኣሕቲሙ ይርከብ።[4]

- ኣብ **ካናዳ** [ናይ ኮቪድ ጉዱኣት ኣካል ኣማኻሪ ውዱብ] መንግስቲ ኣብ ጉዱኣት ኣካል ዘትኩሩ ጉዳያት፣ ዕንቅፋታትን ናይ ኣሰራርሓ ክፍተትን ስትራቴጂታትን፣ ስጉምትታትን ክውሰዱ ዝግብኦም ከይድታትን ንመንግስቲ ንኽመኽሩ ጉዱኣት ኣካልን ተወከልቲ ትካላቶምን ዝሳተፍሉ ፕሮግራም ኣዳልዩ እዩ።[5]

***መንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን ክወስድዎም ዝግባእ እቶም ቐንዲ ተግባራት እንታይ እዮም?***

- **ጉዱኣት ኣካል መሰረት ብምግባር ሕክምና ምኽልካልን** ብመሰረት ኣካላዊ ጉድኣት፣ ብርኪ ድልየት፣ ናይ ሂወት ደረጃ ወይ ድማ ዝኾነ ይኹን ኣብ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ዝበፅሕ ካሊእ ናይ ሕክምና ኣድልዎ ከም ኣመዳድባ ስእነት ፍልፍል እቶት (ከም ቬንቲሌተራት ወይ ድማ ናይ ሓፈሻዊ ክትትል ሕክምና ዝበሉ) ብምግባር ሕክምና ንኸይረኽቡ ዝገብሩ ድንጋገታት ንምስዓር።
- ምልክት ዘርእዩ ጉዱኣት ኣካል ሰባት **ኣቐዲምካ ምሕካሞም** ምርግጋፅ።
- ኮቪድ-19 ኣብ ጥዕና ጉዱኣት ኣካል ዘብፅሖ ፅልዋ **ምርምር ንምክያድ**
- ከምኩሉ ሰብ ግልጋሎት ዝረኽብሉ ኩነታት ምርግጋፅ (ንኣብነት ሆስፒታላት፣ ምርመራን ተፈሊኻ ዝፅናሓሉም ትካላት) ከምኡ እውን ናይ ጥዕና ሓበሬታታትን ርክባትን ዝርከበሉ ኩነታት፣ ኣቀራርባን ቅጥዕን ምቕራብን ምብፃሕን ሓዊሱ **ስእነት ሕክምና ብምንፃር ምውጋድ**።
- ጉዱኣት ኣካል ኣብ እዋን ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ብቐፃልነት **ምቕራብን ምርካብን መድሓኒትን ምርግጋፅ**።

- ኣብ ጉዱኣት ኣካል ንዝበፅሕ መጥቓዕትን ኣድልዎን ንምክልኻል **ንሰራሕተኛታት ጥዕና ስልጠናን ግንዛበ ዝጭብጥሉ ኩነታት ምኽያድ።**
- ኣብቲ ሕብረተሰብ ንጉዱኣት ኣካል እውን ሓዊሱ ብማዕርነት ካብ ለበዳ ቫረስ ንምክልኻል **ምስ ጉዱኣት ኣካልን ተወከልቲ ትካላቶምን ብቐረባን ብንቕሓትን ምምኽኻር።**

**ምንጭታት**

- [ኮቪድ-19 ዝተፈለየ ኣይኮነን፡- “ነፍሰወከፍ ሰብ ሂወት ናይ ምትራፍ ተግባር ናይ ምፍፃም ግዴታ ኣለዎ” – ኪኢላ ባዓል ሞያታት ሕቡራት መንግስቲታት ከም ዝብልዎ]()
- [ሕቡራት መንግስቲታት ፍሉይ ናይ ጉዱኣት ኣካል ሰባት መሰል፣ ኮቪድ-19 ሪፖርተር፡- ንጉዱኣት ኣካል ሰባት መን እዩ ዝከላኸለሎም ዘሎ?]()
- [ትካል ጥዕና ዓለም (WHO)፣ ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ጉዱኣት ኣካል እውን ንከይጥቓዑ ምክልኻል]()

## 2. ኮቪድ-19 ኣብ ማእኸላት ሕክምና ዝነብሩ ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?

ኮቪድ-19 ኣብ ናይ ኣእምሮ ሕክምና ትካላት፣ ማሕበራዊ ክትትል ሕክምናታትን (ወላዲ ኣልባ ህፃናት፣ ማዓልታዊ ክትትል ማእኸላት፣ ናይ ህክምና ትምህርቲ ማእኸላት) ኣብ ሕክምና ዓበይቲ ሰባትን ተመጣጣኒ ዘይኮነ ፅልዋ ብምብፃሕ በቲ ሕማም ዝታሓዙን ዝሞቱን ቑፅሪ እናዓበየ ንክኸይድ እናገበረ ይርከብ። ብኮቪድ-19 ካብ ዝሞቱዎም ሃገራት ኣብ ገዛኦም ሕክምና ዝግበረሎም ሰባት ካብ 42% ናብ 57% ከምዝዓበየ እቶም ዝተወሰኑ ቀንዲ መፅናዕትታት ይሕብሩ።[6] ኣብ ናይ ሕክምና ማእኸላት ኣትዮም ዝሕከሙ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ብዘለዎም ተወሳኺ ሕማም፣ ኣብ መንጎ ሕብረተሰብ ርሕቕትካ ሓሊኻ ንምንባር ስለዝፀግሞምን ብሰራሕተኛታት ዕሽሽ ስለዝባሃሉን ብኮቪድ-19 ናይ ምትሓዝ ዕድሎም ዝላዓለ እዩ። ኣብ ናይ ሕክምና ማእኸላት ኣትዮም ዝነብሩ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ከም ምግላል፣ ምግዳብ፣ ብሕታውነትን ዝበሉ መጥቓዕትታት ብዝበለፀ ናይ ሰብኣዊ መሰል ምጥሓስ እውን የጋጥሞም።

**እቶም ተስፋ ዝተረኸበሎም ዝተወሰኑ መከላኸሊ ተግባራት እንታይ እዮም?**

- ኣብ **ስዊዘርላንድን ኣብ ስፔንን** ኣብ ናይ ሕክምና ማእኸላት ኣትዮም ዝነብሩ ዝነበሩ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ብዝተኻኣለ መጠን ወፂኦም ምስ ስድርኦም ንክነብሩ ካብ እቶም ትካላት ወፂኦም ነይሮም እዮም።
- ኣብ **ካናዳ**፣ [ናይ ቐዳምነት ምርመራ መምርሒ]() ንትካላዊ ምድላዋት ዝተፈለየ መከላኸልታት ተዋሂቡ ነይሩ እዩ።[7]

***መንግስትታትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ከወስድዎም ዝግባእ እቶም ዝተወሰኑ ቀንዲ ቀንዲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?***

- **ጉዱኣት ኣካል ሰባት ካብ ትካላት ሕክምና ክወፁ** ብምግባር ብስድራን/ወይ ድማ ካልኦት መረኸብትታት ኣቢልካ ድጋፍ ምሃብን ብመንግስቲ ይኹን ብውልቀ ግልጋሎት ውሃብቲ ናይ ገንዘብ ድጋፍ ምግባሩ ምርግጋፅ።
- **ኣብዚ ማእኸል እዚ ድማ** ኣብቲ ትካል ምእካብ ሰባት፣ ነበርቲ ተራሓሒቖም ክነብሩ ብምግባር፣ ዝሓቱሉ ሳዓት ምፍላይ፣ መከላኸሊ መሳርሒታት ምጥቃምን ኩነታት ንፅህና ከማሓየሸ ብምግባር **ምርመራ ምቕዳምን መከላኸሊ ምንገዲታት ምፍላጥን።**
- ሓይሊ ሰብን ገንዘብን እውን ሓዊሱ *ናይቶም ትካላት ጊዚያዊ ኢታዎታት ብምውሳኽ* መከላኸሊ ስጉምትታት ተግባራዊ ምግባር።
- ካብ ብዝበዛ፣ መጥቃዕትን ኣድልዎን ነፃ ምግባር፣ ፍትሓዊ፣ ፍቓድ ናይ ምሃብን ፍትሒ ናይ ምርካብን ነፃነት እውን ሓዊሱ **ኣብ እዋን ህፁፅ ኩነታት ኣብ ሕክምና ትካላት ዝርከቡ ሰባት መሰሎም ብቐፃልነት ምኽባሩ ምርግጋፅ።**[8]
- ናብ ቀረባ ትካላት **ምዝውዋር ስትራቴጂታት ብምድጋፍን ብምጥንኻርን** ሰባት ናብ ሕብረተሰቦም ክምለሱ ብምግባር፣ ጉዱኣት ኣካልን ዓበይቲ ሰባትን ድጋፍን ግልጋሎትን ብምጥንኻር **ብዝሓሸ ኩነታት ንኪሓውዩ ምግባርን።**

**ምንጭታት**

- [ብመጋቢት 21/2020 ዝወፀ ንኮቪድ-19፣ ግዚያዊ መምርሒ ናይ ነዊሕ ግዜ ሕክምና ማእኸል ዝተዳለወ መምርሒ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማም ትካል ጥዕና ዓለም]()
- [ትካል ጥዕና ዓለም (WHO)፣ ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ጉዱኣት ኣካል እውን ንከይጥቓዑ ምክልኻል]()
- [በከፍለ ዓለምን ዓለም ለኸን ትካላት ንስነ-ኣእምራዊ ፀገም ዘለዎም ሰባት ዝተዋሃበ መግለፂ ምስ ለበዳ ኮቢድ-19 ምኽሪን]()

## 3. ኮቪድ-19 ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ዝነብሩ መሰል ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?

ጉዱኣት ኣካል ሰባት መከላኸሊ ስጉምትታት ኮቪድ-19 ብዘይምርካቦም ምኽንያት ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ንዝገብርዎ ማዓልታዊ ስራሕቲ መነባብርኦም ሕፅረት የጋጥሞም እዩ። ብፍላይ ድማ ድልየቶም ኣብ ዘይማላኣሎም ኣብ ገዛ ኹኑ ዝብል ገደብ ኣብ ነፃቶም፣ ጥዕንኦምን መነባብርኦምን ብምሕንፋሽ ሓዱሽ ስግኣት ይፈጥር እዩ።[9]

ማዓልታዊ መነባብርኦም ኣብ ካልኦት ሰባት ፅግዕተኛ ዝኾኑ ብዙሓት ጉዱኣት ኣካል ሰባት (ብግልጋሎት ውሃብቲ ወይ ድማ ድጋፍ ኣዝማድ/ኣፅርኽቲ ዝዋሃብ ድጋፍ) ብዘሎ ምንቅስቓስ ብዘይምኻሎምን ኣካላዊ ርሕቐትን መከላኸሊ ስጉምትታትን ድጋፍ ክረኽቡ ዘይኽእልሉ ኩነታት ይፍጠር። እዙይ ድማ ምግቢ፣ ኣድላይ ኣቕሓን መድሓኒትን ንከይረኽቡን ከም ምሕፃብ፣ ፀብሒ ምስራሕ ወይ ድማ ምምጋብ ዝበሉ መሰረታዊ ድልየታት ንኸየማልኡ ይገብሮም።

ብዛዕባ ኮቪድ-19 ህዝባዊ ሓበሬታ ብዝድለ መጠንን መንገድን ንኩሎም ጉዱኣት ኣካል (ንኣብነት፡- ናይ ምልክት ቋንቋ ትርጉም፣ ብሓፂር መግለፂ፣ ብቐሊሉ ዝንበብ ቅጥዒ ወዘተ) ኣይዝረብን ኣይባፃሕን።

ብተወሳኺ እውን ከም ናይ ኣእምሮምን ኣታዓባብያን ፀገም ዘለዎምን ዝተወሰኑ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ኣብ ገዛ ንኽኾኑ ብጥብቒ ኣብ ዝኽልከልሉ እዋን ክፃወሩ ኣይኽእሉን። ሙሉእ ማዓልቲ ዝግበር ሓፂርን ጥንቃቐ ዝተመልኦን ጉዕዞ ምግባር ነቲ ኩነታት ንኽፃወሩ ኣድላይ እዩ።

**እቶም ዝተወሰኑ ተስፋ ውሃብቲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?**

- ***ፓራጓይን***[10] ***ፓናማን***[11] **እቲ** ግቡእ ሓበሬታ ብዝንበብ መልክዕ ምቕራቦም ንምርግጋፅ ዘኽእል ኣሰራርሓ ኣዳልዮም እዮም። ብተመሳሳሊ መልክዕ ድማ ሚኒቴር ጥዕና **ኒውዝላንድ** ዝተወሰኑ ክፍልታት መርበብ ሓበሬታት ድህረ-ገፃት ከም ናይ ምልክት ቋንቋን ብቐሊሉ ዝንበብ ፅሑፍን ሓዊሱ ሓበሬታ ብዝንበብ መልክዑ ንምቕራብ የውዕልዎ ኣለው።[12] መንግስቲ **ሜክሲኮ** ተመሳሳሊ ስጉምቲ ኣዳልዩ እዩ።[13]
- ኣብ **ኣርጀንቲና**[14] ድጋፍ ውሃብቲ ውልቐ ሰባት ንጉዱኣት ኣካል ድጋፍ ንምግባር ካብ ገደባት ምንቕስቓስን ኣካላዊ ርሕቐትን ነፃ ንኽኾኑ ተገይሩ እዩ። ኣብ ***ካምቦዲያ*** ድማ ናይ ሕብረተሰብ ድጋፍ ርክብ ብምድላው ጉዱኣት ኣካል ሰባትን ካልኦትን ውልቀ ሰባትን ዝድግፉ ውፉያት ሰባት ይቆፀሩ።[15] ብተወሳኺ እውን ኣብ ***ፓናማ*** ሓደጋ ንምቕናስ ዝተወሰኑ ንጉዱኣት ኣካል ሰባትን ካልኦት ሓገዝቶምን ኣድላይ ዕድጊት ንክሳልጡ ዝተወሰነ ዝኽፈተሉ ሳዓታት ተመዲቡሎም እዩ።[16]
- ኣብ **ዩናይትድ ኪንግዶም ድማ ዓባይ ብርጣኒያን ሰሜን ኣየርላንድን**[17] እቲ ሂቦሙዎ ዝነበሩ ሕጊ ጥብቒ ገደብ ብብዝተወሰነ ብምፍታሕ ናይ ኣታዓባብያ ፀገም ዘለዎም ሰባትን ካልኦት ጉዱኣት ኣካል ሰባትን ካብ ገዝኦም ወፂኦም ንኽንቀሳቐሱ ገይሮም እዮም። ***ፈረንሳይ*** እውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ወሲዳ እያ።[18]

***መንግስትታትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ከወስድዎም ዝግባእ እቶም ዝተወሰኑ ቀንዲ ቀንዲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?***

- ንኮቪድ-19 ዝምልከቱ ሓበሬታታት ምክልኻል ከም ናይ ምልክት ቋንቋ ትርጉም፣ ሓፂር ፅሑፍን ካልኦት ተዛመድቲ ቅጥዕታትን ካልኦትን ሓዊሱ ጉዱኣት ኣካል ሰባት **ከንብብዎም ብዝኽእል መልክዑ ምብፅሖም** ምርግጋፅ።
- ንጉዱኣት ኣካል **ድጋፍ ዝህቡ ደገፍቲ ሰባት** ድጋፍ ንክህቡ ተባሂሉ **ኣብ ገዛኹም ፅነሑ ካብ ዝብል ገደብ ነፃ ኮይኖም ክንቐሳቐሱ ምግባሮም** ምርግጋፅ።
- **ርክብ ድጋፍ ልምዓት ሕብረተሰብ** ብምፍላጥን ብምትሕብባርን መከላኸሊ ኣቑሑት፣ መሳርሒታትን ምህርትታትን ምቕራቦም ምርግጋፅ።
- ኣብ እዋን ገደብ ካብ ገዛ ኣይትውፁ ስጉምትታት ኣብ ሱፐርማርኬት፣ ግሮሰሪታትን ካልኦት ኣድለይቲ ሹቓትን ዝኸድሉ ንጉዱኣት ኣካል ሰባትን ካልኦት ናይ ውልቐ ሓገዝቶምን **ቐድሚያ ብምሃብ ዝወፅሉ ጊዜ** ምድላው።
- ካብ ገዝኦም ንከይወፁ ምኽልካልን ቐፅዓት ካብ ምቕፃዕ ነፃ ብምግባርን ንጉዱኣት ኣካል ካብ ገዝኦም ወፂኦም ንኽንቐሳቐሱን **ኣድላይ መንበሪ ገዛ ብምቕራብ ምርግጋፅ**።

***ምንጭታት***

- [ትካል ጥዕና ዓለም (WHO)፣ ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ጉዱኣት ኣካል እውን ንከይጥቕዑ ምክልኻል]
- [UNPRPD, ማሕበር ሰራሕተኛታት ዓለምን (ILO) ካልኦትን ንቅልውላው ኮቪድ-19 ንጉዱኣት ኣካል እውን ዘካትት ማሕበራዊ ምክልኻል ምሃብ]

## 4. ኮቪድ-19 ኣብ ስራሕ፣ እቶትን መነባብሮን እቶም ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?

ጉዱኣት ኣካል ሰባት ካብ ካልኦት ስራሕ ዘይምቑፃር ዕድሎም ዝሰፍሐ እዩ፣ እንተተቀፂሮም ድማ ኣብ ዘይስሩዕ ዘፈራት እዮም ዝቖፀሩ።[19] ብዚ ምኽንያት ድማ ብመሰረት ስራሕ ቑፃር ካብ ካልኦት ብዝታሓተ ማሕበራዊ መድሕን ስለዘይረኽቡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ካብ ኮቪድ-19 ንምክልኻል ዘኽእል ኢኮኖሚኦም ክኞንስ ይገብር። ነዞም ዝተቀፀሩ ወይ ድማ ብውልቆም ዝሰርሑ ሰባት[20] ኣብቲ ስራሕ ቦታ መሳርሕን ድጋፍን ብዘይምህላው ኣብ ገዝኦም ምስራሕ ዘይክኽእሉን እቶቶምን ስርሖምን ናይ ምስኣን ዕድል ዝሰፍሐ ይኸውን። ብተወሳኺ እውን እቶም መከላኸልታት ኮቪድ-19 ስድራ ቤቶም ካብ ምስራሕ ሰለዝኽልክሎም ብተዘዋዋሪ ፅልዋ ብምሕዳር ኣብ ሓፈሻዊ እቶት እቲ ስድራ ኣሉታዊ ፅዕንቶ የሕድር እዩ። ሕፅረት እቶት ድማ ኣብ ጉዱኣት ኣካልን ስድርኦም ተመጣጣኒ ዘይኮነ ሽኽሚ ብምፍጣር ምስ ጉዱኣት ኣካል ብዝተታሓሓዘ ንተወሳኺ ወፃኢታትን ክፍሊታትን (መንበሪ ገዛን መሳርሒ፣ ሓገዝቲ ኣቑሑት፣ ፍሉያት ኣቑሑትን ግልጋሎታትን ወዘተ) ስለዝዳርጎም ብዝበለፀ ፍጥነት ናብ ድኽነት ድማ የእትዎም።

**እቶም ዝተወሰኑ ተስፋ ውሃብቲ ስጉምቲታት እንታይ እዮም?**

- **ቡልጋሪያ፣ ማልታን ሉታኒያን** ኮቪድ-19 ንምክልኻል ንጉዱኣት ኣካል እውን ሓዊሱ ግልጋሎት ማሕበራዊ ድጋፍን ተወሳሒ ረብሓታትን ንምክፍፋል ንስርዓ ማሕበራዊ ሓለዋ ናይ ገንዘብ ሽፋን ወሰኽ ገይረን ይርከባ።[21]
- ኣብ **ኣርጀንቲናን ፔሩን** ብምኽያት ኮቪድ-19 ዘብፅሖ ፅዕንቶ ሰባት ናይ ጉዱኣት ኣካል ጥቕማጥቕምታት ከም ተወሳኺ ድጋፍ ገንዘብ ይዋሃቦም እዩ።[22] **ፈረንሳይ** እውን ብተመሳሳሊ መልክዕ ንጉዱኣት ኣካል ዝዋሃብ ኣበል ዘፍለጠት እንትኸውን[23] **ናይ ቱኒዝያ** ህፁፅ ትልሚ ድማ ትሑት እቶት ንዘለዎም ስድራ ቤታት፣ ንጉዱኣት ኣካልን መንበሪ ገዛ ዘየብሎምን ዝዋሃብ ጥረ-ገንዘብ ምምሕልላፍ እውን የጠቓልል እዩ።[24]
- **ኤሜሪካ**[25] ድማ ጉዱኣት ኣካል ሰባት ዘለዎም ናይ ገንዘብ ፀገም ንምቕላል ናይ ግብሪ ድጋፍ ፕሮግራም ኣውፂኣ እያ።

**መንግስትታትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ክወስድዎም ዝግባእ እቶም ዝተወሰኑ ቀንዲ ቀንዲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?**

- **ዝኾነ ይኹን እቶት ዘየብሎም ጉዱኣት ኣካል ሰባት** (ንኣብነት፡- በቢግዚኡ ዝዋሃብ ክፍሊት፣ ናይ ግብሪ ርዳእታ ስጉምትታት፣ ናይ ኣቑሑ ድጋፍ ምግባር) ናይ **ገንዘብ ሓገዝ** ምግባር።
- ተወሳኺ ወፃኢ ንምሽፋን ዘድሊ ክፍሊት ኣቕዲምካ ምሃብ እውን ሓዊሱ **እቲ ዝዋሃብ ዘሎ ጥቕማ ጥቕሚ ምውሳኽ።**
- ዝኾነ ይኹን ኣብ ቐረባ ግዚኡ ዝኣክልን ምስ ጉዱኣት ኣካል ዝተሓዝ **መሰል ብቕጥታ ምድጋፍ።**
- እቶቶም ዝቐነሰ ኣብ ናይ ባዕሎም ስራሕቲ ተዋፊሮም ዝርከቡ ጉዱኣ ኣካል ሰባት **ናይ ገንዘብ ካሕሳ** ክፍሊት ምሃብ።
- ስድርኦም ብሕማም ንክይታሓዙ ስርሖም ዘቋረፁን ብስራሕ ስእነት ወይ ድማ ብናይ ሕማም ጥቕማጥቕሚ ዘይሽፈኑሎም ጉዱኣት ኣካል ዝዋሃብ **ናይ ገንዘብ ድጋፍ ፕሮግራማት** ተግባራዊ ክኸውን ምግባር።
- **ናይ ግብሪ ልቓሕ እውን ሓዊሱ** ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ስርሖም ንምስራሕ ዘድልይዎም መሳርሒታት ንምቕራብ ንኽኽእሉ ጉዱኣት ኣካል ንዘስርሑ መስራሕቲ **ናይ ገንዘብ ድጋፍ** ምሃብ።
- እቲ **ናይ ምግቢ ኣቕርቦት ፕሮግራም** ንጉዱኣት ኣካል ሰባትን ድልየቶም ባዕሎም ናይ ምርዋይ ሓላፍነት ንዘለዎምን ኣብ ገዝኦም ምግቢ ንምቕራብ ዘኽእሎም ትኽክለኛ ስጉምቲ እውን ዘጠቓልል ምኻኑ ምርግጋፅ።

**ምንጭታት**

- ማሕበር ሰራሕተኛታት ዓለም (ILO) ዋላ ሓደ ጉዱእ ኣካል ሰብ በይኑ ዝቐሪ የለን፣ ሕዚ ይኹን ኣብ ካሊእ ግዜ
- UNPRPD, ማሕበር ሰራሕተኛታት ዓለምን (ILO) ካልኦትን ንቕልውላው ኮቪድ-19 ንጉዱኣት ኣካል እውን ዘካትት ማሕበራዊ ምክልኻል ምሃብ
- ዓለም ለኸ ናይ ገንዘብ ድጋፍ፣ ፖሊሲ ምክልኻል ኮቪድ-19

## 5. ኮቪድ-19 ኣብ ናይ ምምሃር መሰል ጉዱኣት ኣካል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?

ጉዱኣት ኣካል ሰባት ካብ ካልኦት ትምህርቶም ናይ ምውዳእ ዕድሎም ዝታሓተ ብምዃኑ ትምህርቶም ናይ ምቐራፅ ዕድሎም ድማ ዝላዓለ እዩ።[26] ብምኽንያት እዚ ኮቪድ-19 መብዝሕትኦም መንግስትታት ንግዚኡ ኣብያተ ትምህርቶም[27] ዓፀዮም ይርከቡ። ምቁራፅ ትምህርቲ ንምቕናስ ድማ ዝተወሰኑ መንግስትታት ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም ኮይኖምም ዝማሃርሉ ኩነታት ኣመቻቺዮም ይርከባ። በዚ መዳይ ግን ጉዱኣት ኣካል ተማሃሮ ድማ ኣድላዪ መሳርሒ፣ ኢንርኔት፣ ማቴርያላት ከምኡ እውን ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ብቐጥታ ብኢንተርኔት ንምክትታል ዘድሊ ካሊእ ድጋፍ ስለዘይረኽቡ ስእነት እናጋጠሞም ይርከብ። በዚ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ጉዱኣት ኣካል ብፍላይ ድማ ናይ ኣእምሮ ፀገም ዘለዎም ተምሃሮ ንድሕሪት ቐርዮም ይርከቡ።

ብተወሳኺ እውን ጉዱኣት ኣካል ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝብላዕ ምግብን ምስ ማሓዙት ፀወታን ስፖርታዊ ምንቅስቓሳትን ሓዊሱ እቲ ቤት ትምህርቲ ብምዕፃው ካብዚ ይረኽብዎ ዝነበሩ ካሊእ ረብሓ ብኣሉታዊ መንገዲ ይጎድኦም እዩ።

**እቶም ዝተወሰኑ ተስፋ ውሃብቲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?**

- **ኣሜሪካ** ኣብ ፌዴራላዊ ሕጊ መውፅኢ ንጉዱኣት ኣካል ደንቢ ኣግባብነት ዘለዎ መምርሒ ዝሓዘ ሰነድ ሂቡ እዩ።[28]
- **ኢኳዶር** ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ክማሃሩ ዝግበኦም ህፃናት ንዘምህሩ መምህራን ኣብ ድጋፍ ትምህርቲ ምኽሪ ሂቡ እዩ።[29]
- ኣብ **ዩናይትድ ኪንግዶም ዓባይ ብሪጣኒያን ሰሜን ኣየርላንድን** ወለድን መዕበይትን ኣብ ገዝኦም ብከመይ ሓላፍነቶም ክዋፅኡን ብዝሓሸ መንገዲ ንጉዱኣት ኣካል ህፃናት ኣብ ከይዲ ምምሃር ክድግፍዎም ከምዘለዎም ሓበሬታ ኣባፂሐን እየን።[30]

**መንግስትታትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ክወስድዎም ዝግባእ እቶም ዝተወሰኑ ቀንዲ ቀንዲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?**

- ንባዓል ስልጣናት ትምህርትን ቤት ትምህርትን ኣብ ግዴታታቶምን ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ትምህርቲ ኣብ ዝህብሉ እዋን ዘድልዩ ዝተፈላለዩ እታዎታት ምቕራብ **ግልፂ ዝኾነ መምርሒ ምሃብ**።
- ሓገዝቲ ኣቑሑትን ግቡእ መንበሪ ገዛን እውን ሓዊሱ **ብርሕቐት ኮይኖም ንዝማሃሩ** ንጉዱኣት ኣካል ሰባት **ኢንተርኔት ምቕራብን ሶፍትዌር ምርካቦምን ምርግጋፅ**።
- ብርሐቐት ትምህርቲ ብምሃብ ንኹሉ ኣብ ዘካትት ትምህርቲ **ንመምህራን መምርሕን ድጋፍን ስልጠናን** ምሃብ።
- ምስ ወለድን መዕበይትን **ብቐረባ ብምትሕብባር** ጉዱኣት ኣካል ህፃናት ኣቐዲሞም ናብ ትምህርቲ ንክኣትው ምግባር።
- **ወለድን መዕበይትን** ጉዱኣት ኣካል ህፃናቶም ናይ ትምህርቲ መሳርሒታትን ድጋፍን ንምድላው ዘኽእል **መምርሕን ናይ ርሕቐት ትምህርቲ ድጋፍን** ምሃብ።
- ንጉዱኣት ኣካል ተምሃሮ ብርሐቐት ኣብ ዝማሃርሉ እዋን ንምድጋፍ **ብቐሊሉ ዝርከብን ዝተለመደን ማቴርያል** ምድላው።
- ብዝተፈላለዩ ሚዲያታት ዝፍነው (ንኣብነት:- ብኢንተርኔት ብቐጥታ፣ ብቴሌቪዥን ዝማሓላለፍ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም ወዘተ...) **ብድምፅን ብምስልን ዝተሓገዘ ናይ ትምህርቲ ኣቑሑት** ምድላው።

**ምንጭታት**

- CRC ኮሚቴ ኮቪድ-19 ኣብ ህፃናት ዘብፅሖ ኣካላዊ፣ ስሚዒታውን ስነ-ልቦናውንን ፅዕንቶ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለፂ መንግስትታት መሰላት ህፃናት ንኽኸብሩ ፀዊዑ
- UNICEF ኣብ ኮቪድ-19 ኣመልኪቱ ዝሃቦ ምላሽ:- ንጉዱኣት ኣካል ህፃናትን መናእሰይን ትኹረት ምሃብ
- UNESCO፣ ኣብ ኮቪድ-19 ኣመልኪቱ ዝሃቦ ምላሽ

## 6. ኮቪድ-19 ንጉዱኣት ኣካል ካብ መጥቃዕቲ ኣብ ምክልኻል ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?

ጉዱኣት ኣካል ሰባት ብፍላይ ካብ ሰብ ኣብ ዝፍለይሉ እዋን ንሓደጋ መጥቃዕቲ ዝተጋለፁ እዮም። ደቒ-ኣነስትዮን ጉዱኣት ኣካልን ዝላዓለ ፆታዊ፣ ናይ ፆታዊ ርክብ፣ ናይ ዓርኪ ምፍርራሕን ከባቢያዊ መጠን መጥቃዕትታት የጋጥሞም እዩ።[31] ጉዱኣት ኣካል ደቂ ኣንስትዮን ኣጓላትን ምስ ካልኦት ደቂ-ኣንስትዮ እንትነፃፀር ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ጉዱኣት ኣካል ደቒ-ተባዕትዮ ብዝበለፀ ዝላዓለ መጠን መጥቃዕቲ ይበፅሖን እዩ።[32] ኣብዚ ሕጂ እዋን ንኮቪድ-19 ኣመልኪቱ ኣብ ጉዱኣት ኣካልን ፆታ መሰረት ብዛዕባ ዝገበረን መጥቃዕቲ ሓበሬታ ስለዘየለ ቅድሚ ሕዚ ካብ ዝተራኣየ ተመሳሳሊ ኩነታት ጉዱኣት ኣካል ሰባት ብዝበለፀ ኣብ ሓደጋ ወዲቆም ይርከቡ።[33]

ናይ መጥቃዕትታን ግልጋሎት ድጋፍን ንጉዱኣት ኣካል ዘጠቓልሉን ዝርከቡን ስለዘይኮኑ ብፍላይ ንጉዱኣት ኣካል ንምርካብ ብጣዕሚ የፀግሙሎም። መብዛሕትኡ ግዜ ብቐጥታ ብስልኪ ብምርካብ ንዘይሰምዑን ዓይነ-ስውራትን ስለዘይትርጎሙን ጊዚያዊ ማዓስከርን ግልጋሎታትን ድልየታት ጉዱኣት ኣካል ንምምላእ ኣይተዳለውን።

**እቶም ዝተወሰኑ ተስፋ ውሃብቲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?**

ኣብ **ፔሩ** ኣብዚ እዋን ለበዳ ቫረስ ንጉዱኣት ኣካል ብስልኪ እቲ ህፁፅ ገደብ ምስተላዓለ ድማ ብኣከል ንኸብፅሑ መጥቃዕቲ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ናብ ሰበ ስልጣናት ናይ ምሕባር ግዴታ መምርሒ ሂቡ እዩ።[34] ካብዚ ብዝተፈለየ ድማ OHCHR ኣብዚ ቦታ እዚይ ካሊእ ነቲ ብርኪ ስጋኣት ዘቃልል ሓዱሽ ተስፋ ዝህብ ተግባር ክረክብ ኣይካኣለን። ብዙሓት ሃገራት ከም ሓፂር መልእኽቲ፣ ዝርርብን ናይ ስልኪ ቪዲዮ ግልጋሎት ንዘይሰምዑ ሰባት ብምሃብ ብቐጥታ ብስልኪ ብምርካብ ድጋፍ ምሃብን ሪፖርት ምግባር ቐፂለን እየን።[35] ዝተወሰኑ ፅቡቓት ንጥብታት ትሕት ኢሎም ኣብ ዘለው ምንጭታት ተነፂሮም ይርከቡ።

**መንግስትታትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ከወስድዎም ዝግባእ እቶም ዝተወሰኑ ቀንዲ ቀንዲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?**

- ***ሪፖርት ዝገበረሉ ሜላታት፣ ብቐጥታ ብስልኪ ብምርካብ፣ ናይ ህፁፅ ግዜ ማዓስከርን ካልኦት ዓይነታት ድጋፍን ንጉዱኣት ኣካል እውን ዘጠቓልሉን ብቐሊሉ ክረኽቡዎም ዝኽእሉ ምኳኖም ምርግጋፅ።***
- ብፍላይ ድማ ተፈልዮም ናይ ዝነብሩ ጉዱኣት ኣካል ኩነታቶም ብሕብረተሰብን ናይ ውፉያት ርክባትን ተጠቒምካ ኣቓዲምካ ምብፅሑ ብምርግጋፅ **ክትትል ምክያድ**።
- ኣብ ጉዱኣት ኣካል ብፍላይ ድማ ደቂ ኣንስትዮን ኣጓላትን ብዛዕባ ዝበፅሕ መጥቃዕቲ **ግንዛበ ብምፍጣርን ስልጠና ብምሃብን** ናይ ማሓዙት ድጋፍ ብምግባር ናይ ድጋፍ ርክባት ምስፍሕፋሕ።

**ምንጭታት**

- UNFPA፣ ኣብ ጉዱኣት ኣካል ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ዝበፅሕ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቓዕትን ናይ መራብሒ ጥዕናን መሰላትን ንምክልኻል ግልጋሎት መሰልን ፆታዊ ሓለዋን ዝዋሃበሉ መምርሒ
- ኣብ እዋን ኮቪድ-19 ካብቲ ሕማም ንዝተረፉ ጉዱኣት ኣካል ግልጋሎት ምሃብ

## 7. ኮቪድ-19 ብዙሓት ጉዱኣት ኣካል ኣብ ዘለውሉ ሕብረተሰብ፡- ዝነብሩ እሱራት ጉዱኣት ኣካልን እኹል መንበሪ ገዛ ዘየብሎም ጉዱኣት ኣካልን ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይ እዩ?

### ሀ. እሱራት ጉዱኣት ኣካል

ጉዱኣት ኣካል ሰባት ብፍላይ ድማ ናይ ኣእምሮን ናይ ስነ-ልቦና ፀገም ዘለዎም ሰባት ኣብ እሱራት ህዝቢታት[36] ካብ መጠን ንላዕሊ ብዙሓት እዮም። ተራሓሒቕካ ጠጠው ምባል ኣብ ዘይካኣለሉ ሰብ ዝበዝሖን ፅሬት ዘይብሉን ኩነታት በቲ ሕማም ናይ ምትሓዝ ዕድሎም ዝሰፍሐ እዩ። ብፍላይ ድማ ብዙሓት ጉዱኣት ኣካል

እሱራት ምግቢ ንምርካብ፣ ንምንቅስቓስን ንምሕፃብን ኣብ ድጋፍ ማሓዙቶም ዝግደቡ ኮይኖም ግልጋሎት ሕክምና ቤት ማእሰርቲ ድማ ብሓፈሽኡ ድልየቶም ንምርዋይ እኹላት ኣይኮኑን።

እዘም ዕንቅፋታት እዚኦም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ዝነብሩ ጉዱኣት ኣካልን ኣብ ናይ ገበን ክሲ ዝተኸሰሱን ናይ ኣሱር ቤት ኣሰራርሓን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ምምሕዳራዊ ወይ ድማ ኣብ ካልኦት ማኣሰርትታት ዝርከቡ ከም ኣብ ማዓስከራት ስደተኛታት ዝርከቡ ጉዱኣት ኣካል ስደተኛታት እውን ሓዊሱ ዝበፅሑ እዮም።

**እቶም ዝተወሰኑ ተስፋ ውሃብቲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?**

- ኣብ **ዩናይትድ ኪንግዶም ዓባይ ብሪጣኒያን ሰሜን ኣየርላንድን** ማእሰርቶም ንክውድኡ ትሕቲ ክልተ ኣዋርሕ ዝቐረዮም እሱራት ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ተፈቲሖም እዮም።[37] ኣብ **ኣሜሪካ** ካብ ብዙሓት ግዝኣት ኣብ ምፍታሕ ወይ ድማ ኣብ ከይዲታት ምፍታሕ ይርከቡ።[38] ኣብ **ኢራን፣ ቱርከን ኢንዶኖዚያን** እውን ብተመሳሳሊ እሱራት ካብ ቤት ማእሰርቲ ተፈቲሖም እዮም። ኣብ **ኮሎምቢያ** ጉዱኣት ኣካል ሰባት ነፃነቶም ዝኽልከሎም ዝነበረ ገደብ ረብሓ እሱራት ካብ ዝፍትሕሉ እዋን ጀሚሩ ሓለዋ ተግባራዊ ንኽኸውን እውን ተኻቲቱ እዩ።[39] ኣብ **ኣርጀንቲና** እቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ወንጀላዊ ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ጉዱኣት ኣካል ካብ ቤት ማእሰርቲ ናይ ምፍታሕ ተጠቀምቲ ከምዝኾኑ ገሊፆም እዮም።[40] ቤት ምኽሪ ሃገራዊ ፍትሒ **ብራዚል** ናይ መናእሰይ ገበን ስርዓት እውን ሓዊሱ ጉዱኣት ኣካል እሱራት ካብ ቤት ማእሰርቲ ንኽልቐቑ ምርመራ ንክካይድ፣ ደጊሙ ንኽግምግምን ንክፈትሕን ምኽሪ ሂቡ እዩ።[41]

**መንግስትታትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ከወስድዎም ዝግባእ እቶም ዝተወሰኑ ቀንዲ ቀንዲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?**

- **ጉዱኣት ኣካል እውን ሓዊሱ ኣብ ሓደጋ ዝርከቡ እሱራት ኣቐዲሞም ካብ ብምፍታሕ በዝሒ ህዝቢ እቲ ቤት ማእሰርቲ ምቕናስን ኣቐዲምካ ምፍታሕን ብጊዚያዊ ወይ ድማ ምሕፃር ወይ ምቕያር ፍርድታትን ቅድሚ ናብ ፍርዲ ምቕራቦም ዝእሰሩ እሱራት ምቕናስን** ብመንግስታዊ ወይ ድማ ናይ ውልቀ ግልጋሎት ውሃብቲ ብስድራ/ወይ ድማ ዘይስሩዓት ርክባት ኣቢልካ ኣብቲ ሕብረተሰብ ቅልጡፍ ድጋፍ ምህላው ምርግጋፅ።
- እሱራት ጉዱኣት ኣካል እውን ሓዊሱ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ብቫይረስ ናይ ምልካፍ ስግኣት ንምቕናስ ኣብ ሰባት ዝበፅሕ ሕማም **መከላኸሊ መንገድታት ምትግባርን** ምግቢ፣ ማይን ንፅህናን ኣካለዊ ርሕቀትን መከላኸሊ መሳርሒታት ንክጥቐሙ ብምሕታትን ኩነታት ንፅህና ብምምሕያሽን መከላኸሊ ስጉምትታት ምርካቦም ምርግጋፅ።

**ምንጭታት**

- [ትካል ጥዕና ዓለም (WHO) ኣብ ቤት ማእሰርትን ኣብ ካልኦት ቦታት ኮቪድ-19 ምክልኻልን ምቁፅፃርን]
- [ሕቡራት መንግስትታት (UN) ኤጀንሲ ቀዋሚ ኮሚቴ ኢንተር ኤጀንሲ፣ ኮቪድ-19:- ነፃነቶም ኣብ ዝተኸልከሉ ሰባት ጠመተ ይገብር]

## ለ. እኹል መንበሪ ገዛ ዘየብሎም ጉዱኣት ኣካል

ጉዱኣት ኣካል ሰባት ብፍላይ ድማ ናይ ኣእምሮን ናይ ስነ-ልቦና ፀገም ዘለዎም ሰባት ኣብ ድኻታት ሕብረተሰብ ካብ መጠን ንላዕሊ ብዙሓት እዮም። መንበሪ ገዛ ዘየብሎም ጉዱኣት ኣካል ሰባትን ኣብ ናይ ሓጺር ግዜ ማዓስከርን ዘይስሩዕ መዕቖቢ ቦታታትን ዝነብሩ ብፍላይ ድማ ተኣኪቦም ዝነብሩን ሕፅረት ማይን ንፅህናን ኣብ ዘለዎም ቦታታት ዝነብሩን ኣቐዲሙ ሕማም ዘለዎምን ብምኧኖም ንኮቪድ-19 ዝተቓልዑ ጉዱኣት ኣካል ሰባት የጠቓልል።

ናይ ኮቪድ-19 ጊዚያዊ ኣዋጅ ጉዱኣት ኣካል እውን ሓዊሱ መንበሪ ገዛ ዘየብሎም ሰባት ማዓስከርን ድጋፍን ንምድላይ ክፈናቐሉ ብምግዳዶም ናብ ብዙሕ ዝተኣከበ ሰብ ዘለዎ ተዘዋዊሮም ነቲ ቫይረስ ንክስፋሕፋሑ ይገብሩ። ብምኽንያት ዝነብርሉ ከባቢ ተራሓሒቖም ክነብሩ ዘይኽእሉ ሰባት እውን ተጎዳእቲ እዮም።

**እቶም ዝተወሰኑ ተስፋ ውሃብቲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?**

- ኣብ **ኣሜሪካ** ኣብ እዋን ዝርርብ ንጉዱኣት ኣካል እውን ብዘካትት መልክዑ [ብፍሉይ መምርሒ] ብምጥቃም ንመንበሪ ገዛ ዘየብሎም ፍታሕ ምሃብ ተግባራዊ ኮይኑ ይርከብ።
- መንግስቲ **ቺሊ** ኣብ ጎዳና ዝነብሩ መንበሪ ገዛ ኣልባ ሰባት ግልጋሎት ጥዕና ናይ ምሃብ ወፍሩ ከምዘጠናኸር ገሊፁ።
- ኣብ **ኣርጀንቲና** ዝላዓለ ናይ ሕክምና ግልጋሎት ዘድልዮምን ኣካለዊ ርሕቐት ንዘድልዮምን ሰባት ኣብ ዓብይ ኣዳራሽ ዝተዳለው ልዕሊ 1,000 ዓራት ነይሮም እዮም።

***መንግስትታትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ከወስድዎም ዝግባእ እቶም ዝተወሰኑ ቀንዲ ቀንዲ ስጉምትታት እንታይ እዮም?***

- ***መንበሪ ገዛ ዘየብሎም ጉዱኣት ኣካል ሰባት ብኽብሪ ምትሓዞምን ብምርግጋፅ*** *እቶም ናይ መጀመሪያ ሓገዝ ውሃብቲ ሰባት ኣብ ዝዘራረብሉ እዋን ናይ መጥቃዕቲ ኩነታት ንምውጋድ እኹል* ***ስልጠናን መምርሕን*** *ክዋሃቦም ምግባር።*
- *ቫይረስ ንክስፋሕፋሕ ስለዝሕግዝ* ***ዘይስሩዕ መዕቖብታት ብሓይሊ ክለቁ ዘይምግባር።*** *መንበሪ ገዛ ዘየብሎም ጉዱኣት ኣካል ሰባት ኣብ ዝነብርሉ ቦታ ምሕብሓብን ኣድላይ እንተኾኑ መዕቖቢ ፅላል ክረኽቡ ምግባር።*
- *ከም ናይ ኪራይ ንብረታት፣ ሆቴላታን፣ መኣካቢ ማእኸላትን ስታዱዮማትን እኹል ንፅህናን ግቡእ ኩነታት መነባብሮን ክህልዎም ምግባር እውን ሓዊሱ* ***ኣካላዊ ርሕቐት ክህቡ ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ ናይ ፅላል መማረፅታት ምድላይ።***
- *ማይ፣ ሳሙና፣ መሕፀብን ካልኦት ማይን ንፅህና ምህላው ንምርግጋፅ* ***ናይ ንፅህና ግልጋሎታት*** *ምሃብ።*

***ምንጭታት***

- [*ኣብ መሰላት እኹል መንበሪ ገዛ፣ ኮቪድ-19 መምርሒ ፍሉይ ሪፖርተር ሕቡራት መንግስታት (UN):- ገዛ ኣልባ ሰባት ሓለዋን ክንክንን ምግባር*]
- [*ኣብ መሰላት እኹል መንበሪ ገዛ፣ ኮቪድ-19 መምርሒ ፍሉይ ሪፖርተር ሕቡራት መንግስታት (UN):- ዘይስሩዕ መንበሪ ዝነብሩ ነበርቲ ሓለዋን ክንክን ምግባር*]

***ምንጭታት:– ሓፈሻዊ***

- [*ናይ CRPD ኮሚቴን ፍሉይ መልእኽተኛ ዋና ፀሓፊ ሕቡራት መንግስታትን ኣብ ጉዱኣት ኣካልን ምብፃሕን፣ ናይ ሓባር ፅቑብ:- ጉዱኣት ኣካል ሰባትን ኮቪድ-19*]
- [*መዳርግቲ ዓለም ለኸ ጉዱኣት ኣካልን፣ ኮቪድ-19ን ምንቅስቓስ ጉዱኣት ኣካልን*]
- ማሕበር ዓለም ለኸ ጉዱኣት ኣካልን ልምዓትን :- [*መደብር ሃብትታት ጉዱኣት ኣካል ዘጠቓለለን ኮቪድ-19*]
- [*ማህበር ሰራሕተኛታት ዓለም (ILO) ዋላ ሓደ ጉዱእ ኣካል ሰብ በይኑ ዝቐሪ የለን፣ ሕዚ ይኹን ኣብ ካሊእ ግዜ:- ኣብ ምክልኻል ኮቪድ 19*]
- [*ብክፍለ ዓለምን ዓለም ለኸን ትካላት ንስነ-ኣእምራዊ ፀገም ዘለዎም ሰባትን ኮቪድ-19ን ዝተዋሃበ መግለፅን ናይ ኣእምሮ ፀገም ንዝለዎም ሰባት ዝዋሃብ ምኽሪ*]
- [*ሕቡራት መንግስታት (UN) ዝኾነ ክፍሊ ሕብረተሰብ ናይ ኮቪድ-19 ድጋፍ ዘይረኽበ ንኸይቐሪ እናሰርሐ ይርከብ*]
- UN ESCAP: [*ኣብ ምክልኻል ኮቪድ-19 መሰላት ጉዱኣት ኣካልን ምክታትን*]
- [*ሕቡራት መንግስታት (UN) ቀዋሚ ኮሚቴ ኢንተር ኤጀንሲ፣ ኮቪድ-19:- ነፃነቶም ኣብ ዝተኸልከሉ ሰባት ጠመተ ይገብር*]
- [UNPRPD፣ ማሕበር ሰራሕተኛታት ዓለም (ILO)ን ካልኦትን ንቅልውላው ኮቪድ-19 ንጉዱኣት ኣካል እውን ዘካትት ማህበራዊ ምክልኻል ምሃብ ኣለዎ]
- [*ኮቪድ-19 ዝተፈለየ ኣይኮነን:- "ነፍሰወከፍ ሰብ ሂወት ናይ ምትራፍ ተግባር ናይ ምፍፃም ግዴታ ኣለዎ"*] – ኪኢላ ባዓል ሞያታት ሕቡራት መንግስታት (UN) ከምዝብልዎ
- [*ሕቡራት መንግስታት (UN) ፍሉይ ናይ ጉዱኣት ኣካል ሰባት መሰል፣ ኮቪድ-19 ሪፖርቶር:- ንጉዱኣት ኣካል ሰባት መን እዩ ዝከላኸለሎም ዘሎ?*]
- [UNFPA፣ *ኣብ ጉዱኣት ኣካል ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ዝበፅሕ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕትን ናይ መራብሒ ጥዕናን መሰላትን ንምክልኻል ግልጋሎት መሰልን ፆታዊ ሓለዋን ዝዋሃበሉ መምርሒ*]
- [UNICEF፣ *ኮቪድ-19: ጉዱኣት ኣካል ህፃናትን መናእሰይን ኣብ ግምት ምእታው*]
- [*ትካል ጥዕና ዓለም (WHO)፣ ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ጉዱኣት ኣካል እውን ንከይጥቕዑ ምክልኻል*]
- [*ብመጋቢት 21/2020 ዝወፀ ንኮቪድ-19፣ ግዚያዊ መምርሒ ናይ ነዊሕ ግዜ ሕክምና ማእኸል ዝተዳለወ መምርሒ ምክልኻልን ምቑፅፃርን ሕማም ትካል ጥዕና ዓለም (WHO)*]
- [*ትካል ጥዕና ዓለም (WHO) ኣብ ቤት ማእሰርትን ኣብ ካልኦት ቦታት ኮቪድ-19 ምክልኻልን ምቑፅፃርን*]

[1] ነዚ ይራኣዩ፡- http://www.sanita.sm/on-line/home/bioetica/comitato-sammarinese-di-bioetica/documents-in-english/documento2116023.html.

[2] ነዚ ይራኣዩ፡- https://www.hhs.gov/sites/default/files/ocr-bulletin-3-28-20.pdf

[3] ነዚ ይራኣዩ፡- https://www.khaleejtimes.com/coronavirus-pandemic/combating-coronavirus-uae-launches-home-testing-programme-for-people-of-determination

[4] ነዚ ይራኣዩ፡- https://www.facebook.com/pg/chrgovph/photos/?tab=album&album_id=2681151298668065&__tn__=-UC-R

[5] ነዚ ይራኣዩ፡- https://www.canada.ca/en/employment-social-development/news/2020/04/backgrounder--covid-19-disability-advisory-group.html

[6] ኣደሊና ኮማስ-ሄሬራን ጆሴባ ዛላከይን፣ "ኣብ ገዛ ሕክምና ክትትል ኣብ ዝግር እዋን ሞራል ምስ ለበዳ ኮቪድ-19 ይታሓሓዝ"፣ ዓለም ለኸ ናይ ነዊሕ እዋን ሕክምና ክትትል 12 ማዚያ 2020 ገፅ 5።

[7] ነዚ ይራኣዩ፡- http://www.health.gov.on.ca/en/pro/programs/publichealth/coronavirus/docs/2019_testing_guidance.pdf

[8] ብክፍለ ዓለምን ዓለም ለኸን ትካላት ንስነ-ኣእምራዊ ፀገም ዘለዎም ሰባትን ኮቪድ-19ን ዝተዋሃበ መግለፅን ናይ ኣእምሮ ፀገም ንዝለዎም ሰባት ዝዋሃብ ምኽሪ ብ https://dkmedia.s3.amazonaws.com/AA/AG/chrusp-biz/downloads/357738/COVID19-and-persons-with-psychosocial-disabilities-final_version.pdf

[9] ኣብ ቻይና ንመጀመሪያ ጊዜ እንትላዓል ኣብ መበል 16 ዓለም ብምኽንያት ኣባላት ስድርኡ ስለዝተፈለይዎ ደጋፊ ዘየብሉ ቐርዩ እዩ።

[10] ናይ ፓራጓይ ጉዱኣት ኣካል ዓይኑ ዋና (SENADIS) ማሕበራዊ ድህረ ገፅ ብምኽፋት ብምልክት ቋንቋ የቅርቡ፣ ብምስማዕ ዝስኣኑ ክፋላት ሕበረተሰብ ንክፍለጥ ይገብሩ።

[11] ነዚ ይራኣዩ፡- SENADIS, Panamá toma medidas para la inclusión de las personas con discapacidad frente al covid-19, 3.1.

[12] ነዚ ይራኣዩ፡- https://www.health.govt.nz/our-work/diseases-and-conditions/covid-19-novel-coronavirus/covid-19-novel-coronavirus-resources/covid-19-novel-coronavirus-new-zealand-sign-language

[13] ነዚ ይራኣዩ፡- https://coronavirus.gob.mx።

[14] ኣርጀንቲና፣ ውሳኔ 297/2020፣ ዓንቐፅ 6.5.

[15] እዚ ተግባር እዙይ ከም ኮሎምቢያ ዝበሉ ሃገራት የፋልጥዎ ኣለው (ነዚ ይራኣዩ፡- https://www.minsalud.gov.co/sites/rid/Lists/BibliotecaDigital/RIDE/DE/PS/asif13-personas-con-discapacidad.covid-19.pdf)

[16] ነዚ ይራኣዩ፡- SENADIS, *Panamá toma medidas para la inclusión de las personas con discapacidad frente al covid-19*, 3.3.

[17] ነዚ ይራኣዩ፡- ዓባይ ብሪታኒያ ዩናይትድ ኪንግዶምን ሰሜን ኣየርላንድን, ለበዳ ኮሮና ቫይረስ FAQs: እንታይ ምግባር ትኽእል እንታይ ከ ዘይትኽእል፣ ክፍሊ 15።

[18] ነዚ ይራኣዩ፡- Secrétariat d'Etat auprès du Premier Ministre chargé des personnes handicapées, https://handicap.gouv.fr/autisme-et-troubles-du-neuro-developpement/infos-speciales-coronavirus/article/information-covid-19-et-confinement

[19] ነዚ ይራኣዩ፡- OECD, *ሕማም፣ ኣካል ጉድኣትን ስራሕን። ኣካል ጉዱኣት ሰባት ካብ ካልኦት እንትነፃፀሩ ካብ 49% እስካብ 20% ዝላዓለ መጠን ሞት ዘርኢ ምስባር ስእነት ገፅ 23።*

[20] ነዚ ይራኣዩ፡- UNDESA, ኣብ ቡልጋሪያ ዝርከቡ ጉዱኣት ኣካል ብተወሳኺ ጉዱኣት ኣካልን ልምዓትን ሪፖርት ገፅ 157፣ ምስሊ II.81 ኣብ ናይ ባዕሎም ስራሕ ካብ ዝርከቡ ብ 9% በሊፆም የርኢ (ናይ 19 ሃገራት ዳታ)

[21] ቡልጋሪያ፣ *ጋዜጣ እቲ ግዝኣት፣ 24 መጋቢት 2020*፣ ዓንቐፅ .12፣ IMF፣ እቲ ፖሊሲ ንኮቪድ-19 ምላሽ ሂቡ https://www.imf.org/en/Topics/imf-and-covid19/Policy-Responses-to-COVID-19#T

[22] ነዚ ይራኣዩ፡- https://www.argentina.gob.ar/noticias/bono-extraordinario-para-las-personas-con-discapacidad-que-cobran-pensiones-no

[23] ነዚ ይራኣዩ፡- https://informations.handicap.fr/a-prime-solidaire-aah-covid-12818.php

[24] IMF, እቲ ፖሊሲ ንኮቪድ-19 ምላሽ ሂቡ፣ https://www.imf.org/en/Topics/imf-and-covid19/Policy-Responses-to-COVID-19#T

[25] ነዚ ይራኣዩ፡- https://www.benefits.gov/benefit/945

[26] ንኣብነት፡- ኣብ ቐዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ፣ መጠን ትምህርቶም ዘጠናቐቑ ጉዱኣት ኣካል ተምሃሮ 56% እንትኸውን ናይ ካልኦት ድማ 73% እዩ።

[27] UNESCO ከምዝገመቶ 91% ናይ ዓለምና ተምሃሮ ቤት ትምህርቲ ብምዕፃው ፅልዋ ኣሕዲሩሎም እዩ። ነዚ ይርከኣዩ፡ https://en.unesco.org/covid19/educationresponse

[28] ንኣሜሪካ ክፍሊ ትምህርቲ፣ ኣብ እዋን ኮሮናቫይረስ ሕማም 2019 ንኣከል ጉዱኣት ህፃናት ግልጋሎት ኣብ ምሃብ፣ ሚያዚያ 2020 ይራኣዩ።

[29] ነዚ ይራኣዩ፡- https://educacion.gob.ec/wp-content/uploads/downloads/2020/03/Anexo-2-RECOMENDACIONES-A-LOS-DOCENTES-PARA-BRINDAR-APOYO-PEDAGÓGICO-A-LOS-ESTUDIANTES-EN-AISLAMIENTO-EN-FUNCIÓN-DE-PREVENIR-POSIBLES-CONTAGIOS-POR-ENFERMEDADES-RESPIRATORIAS.pdf

[30] ነዚ ይራኣዩ፡- ዩናይትድ ኪንግዶም፣ https://www.gov.uk/guidance/supporting-your-childrens-education-during-coronavirus-covid-19። ብተወሳኺ፣ ነዚ ይራኣዩ፡- https://www.gov.uk/guidance/help-children-with-send-continue-their-education-during-coronavirus-covid-19

[31] ትካል ጥዕና ዓለም (WHO)፣ ኮቪድ-19ን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሕ መጥቓዕቲ፣ ጥዕና ዘርፊ/ኣሰራርሓ ፣ ብ https://apps.who.int/iris/bitstream/handle/10665/331699/WHO-SRH-20.04-eng.pdf

[32] UNDESA፣ ጉዱኣት ኣካልን ልምዓትን ሪፖርት ገፅ. 7, 16, 113-115, 249-252, ኣብ https://social.un.org/publications/UN-Flagship-Report-Disability-Final.pdf; መሰል ጉዱኣ ኣካል ፍሉይ ሪፖርተር ፣ A/72/133, ዓንቐፅ 35።

[33] ኢማ ፒረስ፣ ንጉዱኣት ኣካል ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ናይ *GBV ፕሮግራም ታሓሳቢ ብዛዕባ ምግባር፣ ኣብ፡-* https://gbvaor.net/sites/default/files/2020-03/Disability%20Considerations%20in%20GBV%20programming%20during%20COVID_Helpdesk.pdf

[34] Peru, Ministerio de Desarrollo e Inclusión Social, *Resolución Viceministerial N° 001-2020-MIDIS/VMPES*, 24 ሚያዝያ 2020፣ ኣብ https://www.gob.pe/institucion/midis/normas-legales/484313-001-2020-midis-vmpes

[35] ብሄራዊ ፆታዊ መጥቓዕቲ ኣውስትራሊያ፣ ናይ ውሽጢ ዓድን ስድራን መጥቓዕቲ ምኽሪ ግልጋሎት https://www.1800respect.org.au/accessibility/፤ ዩናይትድ ኪንግዶም ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19): ናይ ውሽጢ ዓድን መጥቓዕቲ ንዝበፅሖም ድጋፍ ምሃብ https://www.gov.uk/government/publications/coronavirus-covid-19-and-domestic-abuse/coronavirus-covid-19-support-for-victims-of-domestic-abuse#disability-specialist-services

[36] ፔናል ሪፎርም ኢንተርናሽናል፣ ዓለም ለኻዊ ኩነታት ቤት ማእሰርቲ 2020, at https://cdn.penalreform.org/wp-content/uploads/2020/04/Global-Prison-Trends-2020-Penal-Reform-International.pdf

[37] *መምርሒ*: ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19)ን ቤት ማእሰርትን ኣብ፡- https://www.gov.uk/guidance/coronavirus-covid-19-and-prisons

[38] https://www.prisonpolicy.org/virus/virusresponse.html

[39] Colombia, Decreto legislativo 546, 14 *ሚያዝያ* 2020፣ ኣብ https://dapre.presidencia.gov.co/normativa/normativa/DECRETO%20546%20DEL%2014%20DE%20ABRIL%20DE%202020.pdf

[40] ኣልጀርቲና ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ ኣኮርዳዳ/*Acordada፣ 10/2020ን ዝተማልአ ደንብን፣ ቤት ፍርዲ ይግባይ ሰማዒ ገበን ፌዴራል፣*ኣኮርዳዳ/*Acordada 9/2020*፣ ኣብ፡- https://cnpt.gob.ar/wp-content/uploads/2020/04/Acordada-9.20-CFCP.pdf

[41] ብራዚል፣ ብሄራዊ ቤት ምኽሪ ፍትሒ፣ ትእዛዝ 62፣ 17 *መጋቢት* 2020፣ ኣብ https://www.cnj.jus.br/wp-content/uploads/2020/03/62-Recomenda%C3%A7%C3%A3o.pdf።